# ሓመድ ድብ  ጃንዳ ወያነ !

ግበኣተ - መሬት ናይ'ዚ ወያል ጭፍራ
እንዶ ዘይብሉ እንትርፎ ዓፍራ
ኣብ ጥራይ ጎልጎል! ጉዳም ዕንደራ
ንፍሰ ቅትለት'ዩ ብስሑል ካራ :

እኳ'ቲ ትማል ኣመና ተመኺሩ
እናጠመተ ዓይኑ ዓዊሩ
ኣይሰምዕን ዝበለ ኣእምሮኡ ኣደንቊሩ
ንሱን ኣብ ባይታ : ህዋ ሰፊሩ :

የለኻን እናበልዎ : ዘሎ መሲልዎ
እንፍጂን ሂቦም እንተሓዘልዎ
ከም ህጻን ቆልዓ እሩሩ በዚሕዎ
ካብ ኣመና ሕንቃቓቕ መንነቱ ረሲዑዎ :

ግደፍ ኣይመንገድ'ኻን ተባሂሉ
ሕልፊን ትርፊን እንዲዩ ተመኺሩ
ካን ኣቕብጽ :  ነኺሱ ከናፍሩ
ብርዲኦት ዝተርንዐ ክሳዱ ገትሩ :

ኣበደን ኢሉ ፍጹም ኣቕቢጹ
ቱታ እናበለ ኣሕቢጡ ቅልጽሙ
ከጥፍኣና ሓሊኑ ! ኣልደመልዲ ኣሳቢቡ
ብቅንኢ ዓዊሩ ክፊኣት ተጎልቢቡ:

ግደፍ ! ኣይመንገድ'ኻን ተባሂሉ
ልዕሊ ሰቡ ተመኺሩ : ንሰላም ተዓዲሙ
ተንኮላት ኣሊሙ : ንምንባርና ተሓሲሙ

ኮይኑ ግን !
መዊጽካን ኣይንስኒ
ምዒድካን ኣይንእዝኒ
ቅንዕናን ተንኮልን : መኣስ የሳኒ፡

ተቖብቆበ ክንዲ ኩርባ
ተነፊሑ ከም ባላንቺና
ብንእሽቶ መርፍእ
ተፈርጂሑ ኣብ ቃልዕ ጎደና
እዋይ ክፋእ : ከምዚ'ኳ ነይረአና

እዚ ልቀሰይጣን መደናገሪ
ከም ዳይናሶርስ ይጥፋእ ካብዛ ምድሪ
ህውከት ጠፊኡ
ዓምቢቡ ክነግስ ፍቕሪ።

ብርዒ ሓቂ 22.11.2020